# ንገዛእ ርእስኻ መግለጺ ቅጺ ንክታበት ኮሮና ክትወስድ ዕድል ዝተወሃበካ

ቅድሚ ምኽታብካ ነዚ ቅጺ እዚ ኣጸቢቕካ ከተንብቦን ናብቲ መኽተቢ ቦታ ምስኻ ተማሊእካዮ ክትመጽእን ንሓተካ። ነቲ ዝኽትበካ ብዛዕባ ኣቐዲምካ ዝተኸተብካዮ ክታበታት ኮሮና ሓበሬታ ሃብ።

| | |
|---|---|
| ምሉእ ስም | |
| ዝተወለድካሉ ዕለት: | |
| ክታም: | |

እንተድኣ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ሃልዮምኻ ናብቲ መኽተቢ ቦታ ኣይትምጻእ፡ ሓበሬታ ኸኣ ብቐልጡፍ ሃብ

- ኣብቲ ትኽተበሉ መዓልቲ ምልክታት ሕማም ሰዓል እንተ ተራእዮምኻ ወይ ረስኒ ካብ 38 ዲግሪ ንላዕሊ ሃልዩካ
- ብሰንኪ ሕማም ኮሮና ተወሺብካ ወይ ተነጺልካ እንተሃሊኻ
- ኣብዘን ዳሕረዎት 7 መዓልትታት ካልእ ዓይነት ክታበት ተኸቲብካ እንተኔርካ
- ኮሮና ሕማም ካብ 3 ወርሒ ንታሕቲ ሓሚምካ እንተኔርካ (ንመንእሰያት ኣብ 12-15 ዕድመ ዘሎዉ እቲ ግዜ ሓሚምምሉ ዝነበሩ ብዘየገድስ).

ገለ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ሕቶታት እወ ኢልካ እንድሕር መልሲ ሂብካ እቲ ክታበት ቅድሚ ምውሳድካ ዝኾነ ክግበር ዝግብኦ ቕድመ ኹነት ከይህሉ ምንጻር ኣገዳሲ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ገጽ ኣንብብ፡ እንተድኣ ተጠራጢርካ ድማ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።

| | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|
| ማስትሴለ ሕማም/ **mastcellesykdom** ኣሎካ/ኪ ድዩ፧ | | |
| ብሰንኪ ሕማም ኣዝማ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ክልተ ግዜ ብኮርቲዞን ተሓኪምካ ወይ ኣብ ሆስፒታል ተዓቒብካ ኔርካ ዲኻ/ኺ፧ | | |
| ብምኽንያት ሕማም ኣዝማ 3ተ ካብዞም ዝስዕቡ ምልክታት ሕማም ኣብ ዝሓልፈ 4ተ ሰሙናት ኣጋጢሞሙኻ ኔሮም ድዮም፧<br>• ኣብ እዋን ቀትሪ ምልክታት ሕማም ካብ ክልተ ግዜ ንላዕሊ ኣብ ሰሙን<br>• ምብርባር ኣብ እዋን ለይቲ<br>• ካብ ክልተ ግዜ ንላዕሊ ኣብ ሰሙን መድሃኒት ንምክልኻል ሃንደበታዊ ሕማም/ anfallsmedisin<br>• ምድራት ኣካልዊ ምንቅስቓስ | | |
| ቅድሚ ሕጂ ነዚ ክታበት እዚ ወይ ነቲ ቀመማዊ ትሕዝትኡ ከቢድ ዝኾነ ቁጥዓ ሰብነት (ኣለርጂ) ኣርኢኻ ኔርካ ዲኻ፧ | | |
| ቅድሚ ሕጂ ከቢድ ዝኾነ (ንሂወትካ ዘስግእ) ቁጥዓ ሰብነት (ኣለርጂ) ኣብ ካልኦት ዓይነት ክታበታት፡ መግቢ፡ መድሃኒታት ወይ ካልኦት ተራእዩካ ይፈልጥ ድዩ፧ | | |
| ብቀሊል ናይ ምድማይ ተኽእሎ ኣሎካ ድዩ፧ | | |
| ብሕማም ኮሮና ካብ ትልከፍ ካብ ሰለስተ ወርሒ ንላዓሊ ገርካ ዲኻ፧ | | |
| ኣዝዩ ዝተዳኸመ ስርዓተ ምክልኻል ሰብነት ኣሎካ ድዩ፧ | | |
| መጥበዊት ወይ ጥንስቲ ዲኺ፧ | | |
| | | |

እንተድኣ ብኡ ንብኡ ኣብ EPJ/SYSVAK ክምላእ ተዘይክኢሉ፡ በቲ ዝኸትብካ ዘሎ ይምላእ

| | |
|---|---|
| ዕለትን ሰዓትን: | |
| ስም መድሃኒት/ክታበት | |
| መለለዪ ቁጽሪ ብልቃጥ/ፍርያት: | |
| ምኽንያት ክታበት:<br>1. ካብ ቀዳምነት ዝተወሃቦም ጉጅለታት 2. በዓል ሞያ ጥዕና 3. ካልእ | |
| ስም ከታቢ/ት (ብዓቢ ፊደል): | |

## ሓበሬታ ንፍሉይ ረቛሒታት:

ማትሰለ ሕማም/Mastcellesykdom ወይ ቀ`ጽጽር ዘይተገብረሉ ሕማም ኣዝማ: ሕማም ማስትሰለ እንተ ኣልዩካ ውልቃዊ ምኽሪ ክህበካ ንሓኪምካ ኣማኽሮ። ኣብቲ ሕቶታት ናይ ኣዝማ ንሓደ ወይ ንኽልቲኡ ሕቶታት ' እወ ' ኢልካ እንተ መሊስካ ካብ ቀ`ጽጽር ወጻኢ ዝኾነ ሕማም ኣዝማ ከም ዘለካ ኺሕብር ይኽእል እዩ። ቅድሚ ምኽታብካን ኣብ እትኽተበሉ እዋንን እንታይ ዓይነት ምክትታል ከምዘድልየካ ንምፍላጥ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።

ቅድሚ ሕጂ ናይ ኮሮና ክታበት ወይ ኣብ ካልኦት ዓይነት ክታበታት፡ መግቢ፡ መድሃኒታት ወይ ካልእ ከቢድ ዝኾነ ቁጥዓ ሰብነት (ኣለርጂ)፡ ንውልቃዊ ገምጋም ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ። እንተድኣ ሓኪምካ ክትክተብ ኣማኺሩካ ንዝኾነ ይኹን ክጋጥም ዝኽእል ቀ`ጥዐ ሰብነት ንምእላይ ዝያዳ ድሉው ምኳን ድሕሪ እቲ ክታበት ድማ ንንውሕ ዝበለ እዋን ንምዕዛብ ምድላው የድሊ ይኸውን እዩ።

ዓቢ ሓደጋ ምድማይ: እንተድኣ መቅጠኒ ደም መድሃኒት ትወስድ ሃሊኻ ብዘይ ጸገም ክትክተብ ትኽእል ኢኻ። ብሰንኪ ካልእ መሰረታዊ ሕማም ዝያዳ ደም ናይ ምፍሳስ ኵነት እንተ ኣልዩካ፡ ብውልቂ ምእንቲ ክትምርመር ምስ ሓኪምካ ክትራኸብ ኣሎካ። እንተድኣ ደም ዘፍስስ ሕማም ኣልዩካ፡ ብመራግእቲ መድሃኒታት ሕክምና ዝግበረለካ ዘሎ ኮይኑ፡ ኣብታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ መራግእቲ መድሃኒት ትወስደሉ እዋን ክትክተብ ኣሎካ።

ብኮሮና ሓሚምካ ዝነበርካ እንተ'ኼንካ (ኮቪድ-19): እንተ ቀንዲ መምርሒ ሓንቲ ክታበት ጥራይ እያ ተድልየካ፣ እዚ ድማ እንተ ቐልጠፈ ካብቲ ዝሓወኻሉ ድሕሪ 3 ወርሒ ዘሎ ግዜ ክውሃብ ይግባእ። መንእሰያት ኣብ 12-15 ዕድመ ዘሎዉ፡ ግን ምስቶም ኸቢድ ሕማም ኮሮና ክጋጥሞም ዝኽአሉ  ኣብ  ሓደጋ ዘለዉ ጉጅለ ዘይኮኑ፡ እሞ ቅድሚ ሕጂ ኮሮና ሕማም ሒዝዎም ኔይሩ ዝሓወዩ፡ ንግዚኡ ክታበት ክኽተቡ ኣይምከሩን እዮም። ንምስክር ወረቐት ኮሮና ንምርካብ ክማልኡ ዘለዎም ረቛሒታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክታበት ድሕሪ ብሕማም ኮቪድ-19 ምልካፍካ vaksinasjon etter gjennomgått covid-19

(https://www.fhi.no/nettpub/coronavirus/fakta/vaksinert-eller-gjennomgatt-covid-19)_ብዝበለጸ ኣንብብ።

ኣዝዩ ዝተዳኸመ ስርዓት ምክልኻል ሰብነት: እንተድኣ ንኣብነት ሄማቶሎጂካዊ መንሸሮ፡ ምትሕልላፍ ኣንጉዕ ዓጽሚ ወይ ምትሕልላፍ ኣካላት ተገይሩልካ እሞ ንስርዓት ምክልኻል ሰብነትካ ዘዳኽም መድሃኒት ትወስድ ኴንካ፡ ወይ ከቢድ ድኹም ስርዓት ምክልኻል ሃልዩካ፡ ኣብ ገለ ገለ ክታበታት፡ እቲ ግዜ ኣብ መንጎ ክታበታት ሓጺር ክኸውን እዩ ዝምከር። መታን ነቲ መደብ ክታበትካ ከመዓራርዩልካ፡ ከምዞም ዝተጠቕሱ ጉጅለ ምዃንካ ነቲ እትኽተበሉ ቦታ ኣፍልጥ። እንተድኣ ምስ እዚኦም ጉጅለ ዲኻ ወይስ ኣይኮነካን ትጠራጠር ኴንካ፡ ምኽሪ ንምርካብ ምስ ሓኪምካ ኽትራኸብ ኣሎካ።

ምጥባውን ጥንስን: መጥበውቲ ደቂ ኣንስትዮ ነዚ ክታበት ክኽተብኦ እየን ዝምከራ። እዚ ናይ ኮሮና ክታበት እዚ ናብ ጸባ ጡብ ክልሑኽ ይኽእል እዩ ዝብል ስግኣት ዝፍለጥ የለን። ሽሕኳ ተሞክሮ እዚ ክታበት ኣብ ጥኑሳት ድሩት እንተኾነ፡ እዚ ናይ ኮሮና ክታበት እዚ ነታ ነፍሰ-ጾር ዝኾነት ሰበይትን ነቲ ድቅን ውሑስ ምዃኑን፡ ክከላኸለሎም ከም ዝኽእልን ምርምራዊ መጽናዕትታት ይእንፍት። ኵለን ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ክፍለ እዋን ጥንሲ ዘለዋ ነፍሰ-ጾራት እቲ ክታበት ክኽተብኦ እዩ ዝምከር። እታ ኣደ ሓደገኛ ረቛሒታት ምስዝልዋ ወይ ከቢድ ናይ ምልባድ ሓደጋ ምስ ዝህሉ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፍለ እዋን ጥንሲ እቲ ኽታበት ክውሰድ ይከኣል እዩ። ነብሰ ጾራት ብሰንኪ ኮቪድ-19 ብኸቢድ ክሓማ ዘሎ ተኽእሎ ምስቶም ካልኦት ብኸቢድ ክሓሙ ዝኽእሉ ጉጅለታት ሕብረተሰብ ማዕረ እዩ።